# መግለጺ ሓዘን

## ቤት ጽሕፈት ዜናን ባህልን
## ተሓኤ ሰውራዊ ባይቶ
## 19.05.2007



ስውእ ብጻይ ሃይሉ ክብርኣብ፡ ካብ ኣቦኡብ ኣቶ ክብርኣብ ሃይሉን፥ ካብ ኣዲኡ ወይዘሮ ኣይነኣለም ኣባይ ኣብ ኣስመራ ብዕለት 28.02.1945 ተወሊዱ። መባእታዊ ትምህርቱ፡ ኣብ ዓዱ ዝባን ዝግብ፡ ዓዲ ቀይሕ ወዲኡ። ካብኡ ዝለዓለ ትምህርቱ ኣብ ኣስመራ ዝርከብ ናይ ተግባረ እድ ቤት ትምህርቲ፡ ፖይንት ፎር ቀጺሉ። ድሕሪ ኣብ ፖይንትፎር ምምራቑ፡ ኣብ ኢትዮጵያ፡ ኣብ ፋብሪካ ወንጂ ስኳር ንሓጺር እዋን ከም ተክኒሻን ኰይኑ ሰሪሑ። ብድሕር'ዚ ኣብ መጻረዪ ነዳዲ ወደብ ዓሰብ (ሪፋይነሪ) ክሳብ 1973 ዓ.ም ኣገልጊሉ።

ብ1975 ዓ.ም ነታ ዘፍቅራ ሃገር ናጻ ንምውጻእ ኣብ'ተን ኣብ ደንካልያ ዝነበራ ኣሃዱታት ተጋድሎ ሓርነት ኤርትራ ተሰሊፉ። ብ1993 ድማ፡ ኣብ ሽወደን ኣትዩ። ስዉእ ብጻይ ሃይሉ ክብርኣብ፡ ዋላ'ኳ ብሕማም ይሳቐ እንተነበረ፡ ሓሚሙ፡ ደኺሙ፡ ኣይከኣልኩን ከይበለ፡ ክሳብ'ታ ዝዓረፈላ ዕለት 18.05.2007 ምእንቲ ናጽነትን ዲሞክራስን ፍትሕን ከይሰለከየ'ዩ ተቓሊሱ። ስዉእ ሃይሉ ክብርኣብ ኣቦ ኣርባዕተ ቆልዑት ኢዩ።

መስዋእቲ ናይ ሓቦኛን ጽኑዕን ተቓላሳይ ሃይሉ ክብርኣብ ንስድራ ቤቱን ንህዝቡን ንውድቡ ተሓኤ ሰውራዊ ባይቶን ዓቢ ክሳራ ኢዩ። በዚ ኣጋጣሚ'ዚ መሪሕነት ተሓኤ ሰውራዊ ባይቶ፡ ንስድራ ቤት ነብስሄር፡ ኣዝማዱ፡ ፈተውቱን ኵሎም መቓለስቱን

ጽንዓት ይሃብኩም፤ ንመዋቲ ድማ፡ መንግስተ-ሰማይ የዋርሶ እናበለ፡ ናይ’ቲ ወሪዱ ዘሎ መሪር ሓዘን ተኻፋላይ ምዃኑ ይገልጽ።